## ብጹቡኞ ዘይዓበየት ተኽሊ፡
ብሓመዱ ተደሪዐ
እንከየመስገንኩ ጸጊበ ኢለ በሊዐ፡
ርሒቑኒ እዉን ማዩ
ጸጊሙኒ ንምስታዩ፡
ዝግበኣኒ እናደለኹ
ከምካልኦት ከይከዉን ምስዓበኹ፡
ዘብቆለኒ ምድሪ
ሓቲቱኒ እኮ ከፍሪ።

## ኣቦይ ጎባነይ፡
ጡብ ኣደይ ክጦቢ ሪኡ
ኣቦ'ያ ቀኒኡ፡
ካብ ሽዓ ኸኣ ዝሓሰደኒ
እንሆ ጎባን ኮይኑኒ፡
ሎሚ እሞ ምስገጎበዝኩ
በለ ጻሕለይ ተወረስኩ።

## ሓሳዊ ተኣሚኑ፡
ስለምንታይ ኢና ፈሪሕና?
ንዓና ንዝሕሽና!
ሓሳዊ እኩዋ ዝደፈረ
ንኹላህና እንከይሓፈረ!
ወይለይ ንሓቂ ዝዛረባ ተሳኢኑ
ሓሳዊ ተኣሚኑ።

## ሓመይተይ፡
ሓቂ ሒዘ ክኸይድ እናረኣዩ
ሓመይተይ ይብሉኒ ፈራሕ'ዩ።
ንሓቂ ግና ፈራሕ ኣይጸራን
ተዉድቖ'ያ ኣይኽእላን።

## እንታይ ኮን'ዩ ወሪዱና?

ከይንኸዉን ዘበናዉያን
ክንመዓራረ ምስ'ዚ እዋን፡
እንታይ ኮን'ዩ ወሪዱና ኣፍሪቃዉያን?
ጥራይ ኮይና ሕርሲ
ምክልኻል ኣብዩና ጥንሲ!
ኣየ ንሕና!
ጠኒስና-ጠኒስና
ኩዊናት እንዲና'ሞ እናወለድና
ንሓሳረ መከራና።

## ንስኺ እንከለኺ፡

አመሪካ!
ንስኺ እንከለኺ ሓያል ኣነ’ዉን ሓያል ኮይነ
ንስኺ እንከለኺ ሃብታም ኣነ’ዉን ሃብታም ኮይነ፡
አመሪካ!
ኣብ ዓድና ዘሎ ሰብስ ዝናፍቐኪባ ስለምንታይ?
ዘይተፈልጠ’ሞ መዓስ ኮይኑ’ዩ ተናፈቓይ!
ወይስ እናገገ’ዮ ወረ ናተይ?
ወይስ እናጋገዮ’ዩ ስም ናተይ?
ወረ’ሞ ሓቂ እንተዝኸዉን
ስም’ሞ ሓቂ እንተዝኸዉን
ኣፈይ ኣይምበለትን ሕትም
ኣብ ኣመሪካ ኣትየ ህልም፡
ዓደየ-ዓደየ እናበልኩ
ድሃየይ ኣጥፊአ ከየስማዕኩ።

Back to Meskot

---

***The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by*** *Meskot*. ***You may contact Amanuel Belay for comments at*** amanbelay3@yahoo.ca**.**